# ንነብስኹም ካብ መንሸሮ ሓልዉ — ናይ HPV ክታበትኩም ውሰዱ!

ዕድሜኹም ትሕቲ 27 ዓመት እንተኮይንኩም፡ HPV ዝከላኸል ክታበት ክትወስዱ ይምከር። እዚ ዝምልከተኩም ቅድሚ ሕጂ ናይ HPV ክታበት ኣይወሰድኩምን እንተኾይንኩም እዩ። እቲ ክታበት ናጻን ወለንታውን እዩ።

## HPV እንታይ እዩ?

HPV ኣዝዩ ልሙድ ቫይረስ ኮይኑ፡ ዝተፈላለየ መንሸሮታት (ካንሰራት) ከስዕብ ይኽእል እዩ።
ናይ HPV ክታበት ክተወስዱ እንከለኹም ብመንሸሮ ናይ ምትሓዝ ተኽእሎኹም ይንኪ።

## ክታበት ብኸመይ ይውሰድ

ኣብ ማእከል ጥዕና ቆጸራ ሓዙ። ኣብ ነፍሰ ወከፍ ምምሕዳር ከተማ ኣብ ሓደ ሓደ ማእከላት ጥዕና ጥራሕ ክታበታት ይህባ።

ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ [mittvaccin.se](https://mittvaccin.se) ቆጸራ ሓዙ።
ነቲ QR ኮድ እውን ስካን ክትገብርዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ ካልኣይ ብርኪ ዲኹም ትመሃሩ? ሓደ ሓደ ናይ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ
ኣብ ቤት ትምህርቲ ክታበት ይህባ። ንማእከል ኣገልግሎት ጥዕና ተምሃራይ ሕተቱ።

## ክልተ መጠን መድሓኒት (ዶዝ) ጽቡቕ መከላኸሊ ሕማም ይህብ።

ካብ HPV ዝሕሉ ጽቡቕ መከላኸሊ ንምርካብ ክልተ መጠን (ዶዝ) ክታበት የድልየኩም። ካልኣይ መጠን (ዶዝ) እቲ ቀዳማይ መጠን ምስ ወሰድኩም ድሕሪ 6-12 ኣዋርሕ ክትወስዱ ኣለኩም። ኣብ ሞንጎ መጠናት (ዶዛት) እቲ ዝነወሐ ናይ 12 ኣዋርሕ ፍልልይ ግዜ ዝሓሸ መከላኸሊ ይህብ። ካልኣይ መጠን (ዶዝ) እውን ናጻ እዩ።

ክታበት HPV ካብ 2020 ጀሚሩ ንኩሎም ተምሃሮ 5ይ ክፍሊ ይወሃብ ኣሎ።

## ብዛዕባ ክታበት HPV ዝያዳ ኣንብቡ

1177.se ተወከሱ ወይ ነቲ QR ኮድ ስካን ግበርዎ።

[1177.se/sormland/hpv-vaccination](https://1177.se/sormland/hpv-vaccination)